Eritreischer Verein 2 010 für
Menschen mit mit Behinderung e.V.

Eritrean Disabled Association
ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ

# ዓመታዊ ኣኼባ ማሕበር

ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ኣብ ጀርመን ዓመታዊ ኣኼባኡ ብዕለት 18.02.2017 ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ዛዚሙ።
ኣኼባ ኣብዚ ሓጺር እዋን ብዝተረኽበ መስዋእቲ ኣባል ማሕበር ኣካለ ጽጉማንን፤ ነባራት ተጋደልትን ዝኽሪ እዩ ተጀሚሩ።
ዓመታዊ ኣኼባ ማሕበር ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2016 ዘካየዶም ንጥፈታትን ተሳትፎ ግዱሳት ዜጋታትን ሓበሬታ ብምቕራብ ኢዩ፣ ሓው ኣፈወርቂ ኣባይ ዝኸፈቶ ። ኣኼበኛ ማሕበር ኣብቲ ዓመት ዝኸደ ንጥፈታትን ኣብ ግምት ብምእታው፤ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት 2017 ዓ.ም. ዝግበር መደባትን ሓዲሽ ናይ ስራሕ ኣገባብ ምትእትታውን ንኽህሉ ሰፊሕ ልዝብ ኣካይዱን ሓንጺጹን ። ብፍላይ ከኣ ኩሉ መዳያዊ ምእላይን መነባብሮ ጽጉማን ምምሕያሽን ቅዳምነት ክዋሃቦ ክጽዕር ምዃኑ ርእዩ። ኣብ ርእሲዚ ነተን ወርትግ ዘይስልክያ ግዱሳት ደቂ ኣንስትዮን ኣባላት ማሕበርን ምስ ኣባላት ማሕበር ብምትሕብባር ዘካየድኦ ዘይሕለል ተወፋይነ ትን ጻዕርን ኣመስጊኑ። ብዘይካዚ ነቶም ብምኽንያት ልደት ኣብ ኤርትራውያን ፓልቲካት ንመደበር ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ከሰላ ገንዘብ ዘዋጽኡንብቀጥታ ክበጽሕ ዝገበሩን ኣሕዋትን ኣሓትን መጎሱ ገሊጹ።



እዚ ኣብ ከተማ ፍራንክፎ ት ካብ ሰዓት 16.00 ክሳዕ ሰዓት 22.00 ዝተኻየደ ኣኼባ ኣባላት ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ቁጠባዊ ጸብጻብ ብሓው መዓሾ ኣስራት ቀሪቡ። ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ኣብ ጀርመን ነቲ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ንምቛም ሓውና ተጋዳላይ ተስፋይ ተኽለዝጊን ሰዓብቱን ዝወሰድዎ ተበግሶ፣ ዓብይ ታሪኻውን ዕዉትን ስጉምቲ ምንባሩ ኣሞጒሱ።
ምኽንያቱ ነቶም ኣብ መደበር ኣካለ ጽጉማን ከሰላ ዝነብሩ ናይ ሓርነት ውጉኣት ንምንባይ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ግዱሳት ብማሕበርን ብውልቀን ክሕግዙ ዝያዳ ሓላፍነት ወሲዶም ክጥርነፉን ክነጥፉን መንገዲ ከፊቱ ኢዩ። ኣብ ርእሲዚ ንኹሉ ኣብዚ ማሕበር እዚ እምንቶ ኣውዲቑ ብምሉእ ሕልና ጉልበቱን ንዋታዊ ኣስተዋጽኦን ክገብር ዝጸንሐ ግዱስ ኤርትራዊን ኤርትራዊትን ፤ ካልኦት ጉዳሳት ገበርቲ ሰናይ ጀርመናውያን ዜጋታትን ብዝገበረኦን ዝገበርዎን ኣስተኣዋጽኦን፤ ምትብባዕን ኣመስጊኑ።
ኣብ መወዳእታ ነቲ ዝተዳለወ ሽሻይ ዋዛ ምስ ቁምነገር ብምስናይ ናይ ዓመቱ በዓል ብኽብሪ ብምውዓል ብዝኽሪ ስዉኣት ዛዚሙ።